## ግብረስጋዊ ዓመጽ ኣብ ኩሉ ደህልታት ይርከብ

ካብ ቐንቐ እንግሊዝ ዘይዛረቡ ሃገራት ዝመጽኣ ደቀ ኣንስትዮ ናይ ቐንቐን ባህልን ጸገማት ክፍሊ መዓልታዊ ሕይወተን ተመክሮ እዩ

እተን ብግብረስጋወ ዓመጽ ዝተሳቐያ ቀጻሊ ናይ ዘይምዝራብን ከምኡ እውን ካብ ሐገዝን ሐበረታን ናይ ምንጻል ጸገማት የጓንፈኒ

ካብቶም ብግብረስጋዊ ዓመጽ ዝሳቐዩ 90% ቆልዑን ደቀ ኣንስትዮን እዮም

መብዛሕትኡ ግብረስጋዊ ዓምጽ ኣብ ገዛ ይፍጸም

## ኩሉ ሰብ እዚ ዝስዕብ መሰላት ኣለዎ

- ኣማን ክስምዮ
- ክእመን
- ክስማዕ
- ብናይ ገዛእ ርእሱ ውሳኔ ንዘጓነፎ ተመክሮ ምእንቲ ክኣሊ ግዜን ቦታን ክፍቀደሉ

## ግብረስጋዊ ዓመጽ እንታይ እዩ?

ግብረስጋዊ ዓመጽ ብዓይኒ ሕጊ ገበን እዩ።

ጽልዋ ግብረስጋዊ ዓመጽ ዓቢ እዩ:: ኣብ ቀጻሊ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሽግራት የብጽሕ

ግብረስጋዊ ዓመጽ እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል-

- ብዘይ ድልየት ዝግበር ስጋዊ ርክብ
  - ንደቀ ኣንስትዮ ምሽቓል
- ግብረ-ዘመድ
  - ኣብ ልዕሊ ቆልዑ ዝፍጸም ግብረስጋዊ ግፍዒ
- ምግሳስ (rape)
  - ወግዓዊ ግፍዒ

### ግብረስጋዊ ርክብ ብዘይ ስምምዕ

ስምምዕ ማለት ብነጻን ብድልየትን ዝግበር ማለት እዩ:: ጓል ኣንስተይቲ ዝተሰማምዓት እንተመሰለት ወይ ዳማ ዘገድድዋ ኩንታት ነይሮም እንተኾኑ: ሕጊ ነዚ ኣብ ግምት የእትዎ እዩ:: ኣብ ሓዳራ እውን ከይተረፈ ብዘይ ድልየታ ግብረስጋዊ ርክብ ክትገበር ኣይግባእን

### ምሽፋድ (Sexual Harassment)

ዝኾነ ዘይቅቡል ግብረስጋዊ ኣቃልቦ ዘይተደልየ ብትሕሓዝን ርእይቶታት ብዛዕባ ኣካላዊ ትርኢትን ውልቃዊ ሕይወትን ምዝራብን ብዘይ ቅቡላት ነገራት ምጽዋትን ምቕላዕን የጠቓልል

### ግብረስጋዊ ሕርሚ (Incest)

እዚ ኣብ ልዕሊ ቈልዑን መንእሰያትን ብኣዝማድን ቤተሰብን ዝፍጸም ግብረስጋዊ ተግባራት ይጠቓልል:: እቶም ነዚ ዝፍጽሙ ኣባላት ቤተሰብ ድማ ኣቦ: ኣኮ: ሐው: ኣቦሓጎ: ወዲ ሓው ወይ ወዲ ሓውቲ ከምኡ እውን ሓላፍነት ዝለበሱ ከም ሰብኣይ ኣደ: ብዘይ ቃልኪዳን ምስ ኣደ ዝቐመጥ ወይ መዕበይ የጠቓልል

### ኣብ ልዕሊ ቆልዑ ዝፍጸም ግብረስጋዊ ግፍዒ (Child Abuse)

እዚ ብኣባላት ቤተሰብ ዘይኮኑ ሰባት ኣብ ልዕሊ ትሕቲ 17 ዓመት ዝዕድሚኦም ዝፍጸም ግብረስጋዊ ተግዶራት የጠቓልል እዚ ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ዝፍጸም ስጋዊ ርክብ ክምኡ እውን ግብረ-ሐቡእ: (masturbation) ምስዓም: ምትሕሓዝን ምድራዝን የጠቓልል

### ጓል ኣንስተይቲ ምግሳስ

ብዓይኒ ሕጊ ምግሳስ ማለት ብዘይ ድልየት ግብረስጋዊ ርክብ ምፍጻም ማለት እዩ ምግሳስ ኣብ ጾታዊ ኣካል ጓል ኣንስተይቲ ዝኾነ ይኹን ነገር ምእታው ክምኡ እውን ብሐይሊ ዝፍጸም "ኦራል ሰክስ" የጠቓልል ኣብ ሕጊ እዚ ግብረስጋዊ ዓመጽ ይብሃል ምግሳስ ናይ ሓይልን ምቁጽጻርን መርኣይ ድኣ እምበር ብዛዕባ ግብረስጋ ኣይኮነን

### ወግዓዊ ግፍዒ (Ritual Abuse)

እዚ ኣብ ልዕሊ ቆልዑን ዓበይትን ዝፍጸም እንስሳዊ ዓመጽ እዩ:: ወግዓዊ ግፍዒ ኣካላውን: ግብረስጋውን: ስነ- ኣእምሮኣውን ዓመጽ ኮይኑ ንነዊሕ እዋን ዝደጋገምን ዓመጽ የጠቓልል

## IWSS ኣገልግሎት ሰደተይናታት ደቀ ኣንስትዮ ብግብረስጋዊ ዓመጽ ንዝተገፍዓ ዘቕርቦ መደብ

ንእንግሊዝ ዘይዛረቡ ሕብረተ-ሰባት
- ብዛዕባ ግብረስጋዊ ዓመጽ ዝምልከት ሕብረት-ሰብኣዊ ትምህርተን ሓበሬታን ሕግታትን ኣገልግሎታትን....ኣስተምህሮ ሰሚናራት:ናይ ተረኽቦታት ጽሑፋት ሓበርታ ብተለፎን ይህብ

ንብግብረስጋ ዝተዓምጹ ኣገልግሎት ውሃብቲ ክኣ:-
-መጋበሪ: ናይ ኣገልግሎት ምዕባለን ታዕሊምን ከምኡጃውን ኣንግሊዝ ንዘይዛረዶ ደቀ ኣንስትዮ ተሳትፎ ምትብባዕ ....ተሳትፎን ማዕርነተን ግብረስጋዊ ዓመጽ ንዘጓነፈን ደቀ ኣንስትዮ ንምምሕያሽ ሓበረታን ትምህርትን ምሃብ

ንደቀ ኣንስትዮ:-
ግብረስጋዊ ዓምጽ ኣጓኒፉኪ እንተ ኾይኑን ካብ እንግሊዝ ዘይዛረቡ እንተ ኾይኑ መቦቆልኪ
.....ዘጋጠምኪ ናይ ግብረስጋ ዓምጽ ከተመልክቲ እንተ ደለኺ: ጥዕናን ምኽርን ጉዳያት ሕግን ብዝምልከት ጠበቓን ደገፍን ምሃብ

Queensland Health
provided funding to the Immigrant Women's
Support Service Sexual Assault Program
for development of this leaflet. The Justice and
Attorney-General Department funded the printing.
We acknowledge the many different sources
which assisted in the development of this leaflet.